# ጽዮናውያን ነቲ ውግእ ብኸመይ`ዮም ዝርእዩዎ ? !

ኣብ ዝኾነ ውግእ ነቲ ናብ ድልየትካ ከይትበጽሕ ዝጸባኣካ ወይ ዝገትኣካ ፡ዑጡቅ ሓይሊ ሲዒርካ ፡ ንሰብን ኦምን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርካ ወይ ግዝኣትካ ምእታው`ዩ እቲ ጉዳይ ....... (ዓይነት ናይቲ ድልየትካ / ዕላማኻ ሕማቅ ይኹን ጽቡቅ ብዘየገድስ፡፡

ምኽንያቱ ምዕዋትን ዘይ ምዕዋትን ናይ ክፉእን ቅኑዑን ዕላማ መዔቀኒ ስለ ዘይኮነ) ........... ስለዚ`ዩ ኸኣ ገዛእቲ ሰዓርን ተሳዕርን ኮይኖም ክቀያየሩ እንኮለዉ እቲ ህዝቢ ዘይቅየር ፡ ኣብ ውግእ ህዝቢ ብገለ ጌጋ ምኽንያት ይህሰ`ዩ ፡ ኮነ ኢልካ ቅድሚ`ቲ ተዋጋኣይ ንህዝቢ ንቆልዓ ሰበይቲ ዝሓርድ፡ ዘጽምእ፡ ዘጢሚ፡ ኮታ ኩሉ ኣሎ ዝበሃል ዕንወት ኣብ ልዕሊ ዘይተዋጋኣይ ሰብ ዝፍጽም ሰራዊት እንተሎ ; ጽዮናዊ ሰራዊት ጥራሕ`ዩ። ዝኾነ ህዝቢ ክሳብ ብረት ዘይጾረ ሰላማዊ``ዩ። ከም ግቡእ !

ወድኹም ፡ ሓውኹም : ጎረቤትኩም ዓጽመ ስጋኹም ተቃዋማይ / ዕጡቅ ስለዝኸነ፡ ኣብ ናይ ፊዳእን ስሪሒት ስለ ዝተኻፈለ ኢሉ ፡ንቆልዓ ሰበይቲ ሽማግሌ ዘጽልሉላ መንበሪ ገዛ ዘፍርስ ሰራዊት ኣብ ዓለም ጽዮናዊ ሰራዊት ጥራሕ`ዩ።

ምስ ጠቕሚ ናይ ህዝቢ ምትእስሳር ዘለዎ ከም ማዕከናት ጥዕና ፡ መኻዝን ማይ ፡ እንዳ ሕብስቲ / ቅጫ `ውን ነዚ ሰራዊት`ዚ ታርጌት`ዩ ።

“ግናይ ገጹ” ንኸይረአን ከይስማዕን ከኣ ጋዜጠኛታት ታርጌት`ዮም፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ውግእ ኣብ 80 መዓልታት 110 ጋዜጠኛ ቀቲሎም ኣለዉ። ወጻእተኛታት ምስ ወጹ ዝተረፉ ፈለስጥማውያን ስለ ዝኾኑ ንዖኦም ከኣ ስቅ ንምባል ስድራ ቤቶም ታርጌት`ዮም !

ኣብ ውግእ ፡ ክትቅየደሉ ዘሎካ ፈጣሪ ዘነጸሮ ክትሰግሮ ዘይብልካ ቅጥዒ ኣሎ፡ ክትቀርቦም ዘይብልካ ዝተሓረሙ ! ንኣብነት፡-

- ቆልዓ ሰበይቲ ፡ ሽማግሌ ፡ተፈልዮም ንፈጣሪኦም ዝግዝኡ ባሕተዎት፡ ኮታ ኩሉ ዘይተዋጋኣይ፡
- ኢዱ ዝሃበ ወይ ክትኣስሮ ዝኽኣልካ
- ዘራእቲ፡ ፍረታት፡ጥሪት፡
- ብጸላም ሰብ ደቂሱ እንኮሎ ምውራር

ብውሑዱ ነዘን ነጥብታት እዝኤን ብመንጸር ተግባራት ጽዮናዊ ሰራዊት እንተ ርእናየን፡-

- እቲ ክሳብ ሕጂ 3ይ ወርሑ ቀሪቡ ዘሎ ክሳብ 70000 ሰብ ዝተቀትለን ዝሰንከለን ኮይኖም ዘለዉ፡ እቶም ዝበዝሑ ቆልዓ ሰበይቲን ሽማሌታትን`ዮም። መሳጊድን ቤተ ክርስትያንን ሆስፒታላትን ከኣ ኮነ ኢልካ`ዮም ዝውቅዑ።
- እሱር ብዝምልከት ከኣ፡ ይትረፍ እቲ ሕጊ ሰማይን ምድርን ዝእዝዞ መሰሉ ምሕላው ተሪፉ፡ ጥራሕ ነፍሱ ክኸውን ዝገብር እንተሎ እዚ ጽዮናዊ ሰራዊት`ዩ
- ኣግራብ ኣውሊዕ / ዘይቱን ምዕናው ተራ ስራሕ ናይዚ ሰራዊትን ቡልዶዘሩን`ዩ
- ናይ ጸላምን ድቃስን ይጽናሓልና`ሞ ! ንህዝቢ ንድሕነትኩም ናብ ከምዚ ..... ቦታ ኺዱ`ሉ፡ ኣብ ዝኸድዎ / ዝተኣከብሉ ቦታ ከይዱ ዝሃርም ሰራዊት`ዩ።

ኣብ`ቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ ናይ 30 ዓመት ውግእ፡ ተጋደልቲ ብሑሞራ ድዩ ብራማ ወይ ብዛላምበሳ ንኢትዮጵያ ይኣትዉ ነይሮም ፡ ግና እዚ ገዛ`ኮ ናይ ስድራ ወይ ቤተ ሰብ ሞቶ ኣለቃ ኩስቶ`ዩ ነፍርሶ ክበሃል ዘይኮነስ ተሓሲቡ ኣይፈልጥን ።ካብ ሜዳ ናይ ውግእ ወጻኢ ሞት ዝተፈርዱ ገበነኛታት እንተኾኑ`ውን ብንጽል ብፊዳእን ስጉምቲ ይውሰዶ ዳምበር፡ ኣብ ገዝኡ ኣብ ውሽጢ ቆልዓ ሰበይቲ እይፍጸምን`ዩ ነይሩ

ከም በዓል ነተንያሆ ዝኣመስሉ ሑሉፋት ጽዮናውያን ፡ ምስቲ ኹሉ ንፈለስጢን ካብ ዝሕዙ፡ (ከባቢ 80 ዓመታት) ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝተኻየደ ውግኣት ከምዚ ናይ ሎሚ ዝኸስርዎ ዘለዉ ኸሲሮም ዘይፈልጡ ክንሶም ፡ምስቲ ኹሉ ውግእ ደው ንምባል ብደገን ብውሽጥን ዘጋጥሞም ተጽዕኖ፡ ምስቲ ኹሉ ተቃለስቲ ፈለስጢን ዘውርዱሎም ዘለዉ ዝተሰነደ ማህሰይቲ፡ ብመንጸሩ፡ በጀካ`ቲ ዓለም ብቀጥታ ዝርእዮ ዘሎ ንቆልዓ ሰበይቲ ምሕራድ ኣብ ልዕሊ ዑጡቃት ዝጭበጥ መጥቃዕቲ ዘይምርኣዮም ! ውግእ ክቕጽል ምድላዮም ዝረኣዮም ዘሎ እንታይ`ዩ ? !

- ሓይሊ ምክልኻል ፡ኣብውሽጢ እስራኤል ሓታቲ ዘይብሎም ብዙሓት Mercenaries ስለ ዝጥቀም ቁጽሪ ውጉኣትን ዝሞቱን ንምሕባእ ስለ ዝጠቅሞ
- ብዓወት ዘይተዛዘመ ውግእ ንበዓል ነተንያሆ ግላውን ጉጅላውን ክሳራታት ስለ ዘውርደሎም
- ብግዜ ምንዋሕ ተቃለስቲ ጠያይቲ ክውድኡ ስለ ዝኽእሉ ፡ ነቲ ደው ዘይብል ናይ ኣመሪካ （ብጽዮናውያን ዝውነን） ናይ ዕጥቂ እምዳድ ተሞርኮስካ ንዘይተወሰነ ግዜ ስንኻ ነኺስካ ምቅጻል።
- ንተቃለስቲ ፈለስጢን ክሳብ ጥይት ዝውድኡ ብነፈርትን መራኸብን ሮኮትን ጌርካ እናደብደብካ ክትሳለ ምጽናሕ፡ እቲ ናይ ገጢምካ ምዕዋት ጉዳይ ሕልሚ እናኾነ ስለ ዝኸደ ።
- ንህዝቢ ፈለስጢን ዘጽልሉ ገዛ ዘይብሉ፡ ኣደዳ ሕማምን ጥምየት ጽምእን ገርካ ምስቃይ`ውን ንጽዮናውያን ንጉዕዘኦም ዘሳልጥ "ቅዱስ" ተግባር`ዩ ፡

ጽዮናውያን ዝሓስብዎ ከምዚ`ዩ ፡ ፈጣሪ ዝገብሮ ኸኣ ንዑኡ ዝግደፍ`ዩ ።

AAHafiz